ጽፉፍ ቅድመ ምድላው፡
ንዕዉት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ!

ኣድቚቕካ ዝመተርካዮ ኣይሓንቕ፡ ሓይኽካ ዝወሓጥካዮ ኣይስርንቕ ይብሉ ለባማት ወለድና። እዚ ምስላ'ዚ ዘቕደምና ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። ድሕሪ ዓመት ክካየድ ተባሂሉ ብማእከላይ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ተታሒዙ ዘሎ ዓብይ መደብ ምስልሳል ሰፊሕ ዋዕላ እንብሎ ስለዘሎና እዩ።

ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ከም ዓብይን እዋናውን ሃገራዊ ኣጀንዳ መጠን ዓወቱ ኣብ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው ከም ዝምስረት ዘካትዕ ኣይመስለናን። ኣቐዲሙ ኩሉ-መዳያዊ ምድላው ዘይተኻየደሉ ዓብይ መድረኽ፡ ኣብ እዋን ዋዕላ ተኣምር ምጽባይ ድማ ኣይከኣልን። ዓወቱ ዘተኣማምን ዝኸውን ኣቐዲሙ ብዝተኻየደሉ ጽፉፍ ቅድመ ምድላው እዩ።

ሓይልታት ተቓውሞ ሃገርና፡ ብንጹር ከም ዝግንዘቡዎ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት-ምምሕዳር ኢሳይያስ፡ ጨካን ኣገዛዝኣኡ ኣብ ዝኸፍአ ደረጃ በጺሑ ህዝብን ሃገርን ንሓደጋ ብርሰትን ምብትታን ኣሳጢሑዎም ምህላዉ እዩ። ኩነታት ህዝብታትና ኣብ ኣዝዩ ዘሰክፍ ኩነታት ወዲቑ ምህላዉ ንኩላትና ዘረዳድእ ነናይ መዓልቱ ሓባራዊ ቋንቋና ካብ ዝኸውን ውዒሉ ሓዲሩ እዩ። ነዚ ኩነታት እዚ ብቕዓት ኣብ ምግጣም ግን፡ ኣብ ሓይሊ ተቓውሞና መሰረታዊ ሕጽረታት ምህላዎም ኣብ ባይታ ዘሎ ሓቂ እዩ። ብሰንኪ ብኩራት ብቐዕ ሓይሊ ተቓውሞ፡ ተሳትፎ ህዝብታትና ኣብ ደምበ ተቓውሞ ኣዝዩ ስሑው ኮይኑ ኣሎ። እቲ ብቅልጽሙ ሃገር ዘመሓድር ዘሎ ስርዓት ኢሳይያስ ድማ፡ በብእዋኑ ኣብ ህዝብታትና ዝጸንሖ ዝርካቡ ተኣማንነት ተባሕጉጉ ብስለላውን ጸጥታውን ሓይሉን ናይ ዓፈና መሓውሩን እዩ ፖሎቲካዊ ስልጣኑ ዘሳሊ ዘሎ። እዚ ዘገንዝበና ሓቂ እንተሃልዩ፡ ኣብዝሓ ህዝብታትና ካብ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳይያስ ርሒቕም፡ ግን ድማ ኣብ ደንበ ተቓውሞ ከይተሳተፉ ናይ ማዕዶ ተመልከቲ ዝኾኑሉ ኩነታት ምህላዉ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ኣብ ሞንጎ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስን ደምበ ተቓውሞን ዘሎ መሪር ጥምጥም ነዚ ካብ ገዛኢ ስርዓት ርሒቕ ግን ድማ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ዘይተሳተፈ ዘሎ ኣብዝሓ ህዝብታትና ናይ ምኽሳብ ጉዳይ እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ነቲ በብእዋኑ ኣብ ስርዓተ ኣገዛዝኣኡ እምነት እናሰኣነ ዝርሕቆ ዘሎ ህዝቢ ጠቢሩ ድዩ ኣፈራሪሑ መሳርሒኡ ክገብሮ ዘይሕለል ጻዕሪ የካይድ። በዚ እንተዘይተዓዊቱ ድማ ብዝተፈላለዩ ኣደናገርቲ ሜላታት ኣቢሉ፡ ህዝቢ ኣብ ደምበ ተቓውሞ እምነት ክስእንን ክጠራጠርን ብምግባር፡ ኣብ ሞንጎ ተንጠልጢሉ ክነብር ንምግባር ይጽዕር።

ሓይሊ ተቓውሞ ድማ፡ ነዚ ካብ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ በብእዋኑ ብናይ ባዕሉ ተግባራዊ ተሞኩሮ እናተነጸለ ዝኸይድ ዘሎ ህዝቢ፡ ብምንቕቓሕን ብምውዳብን ኣቢሉ፡ ቅልጽሙ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ኢሳይያስ ከዕርፍ ምግባር እዩ። እዚ እንተዘይሰሊጡዎም ድማ፡ ህዝቢ ተመሊሱ ናብ ስርዓት ኢሳይያስ ከይጽጋዕን ካብኡ ርሒቕ ክጸንሕን ደገፋቱ ንስርዓት ኢሳይያስ ክነፍጎ ምግባር እዩ።

ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ፡ ነቲ ካብ ጓጉኡ እናተነጸለ ዝኸይድ ዘሎ ህዝቢ ብምድንጋር ድዩ ብምፍርራሕ ናብ ውሽጡ ንምምላስ ከይተሓለለ ይሰርሕ ምህላዉ ንማንም ብሩህ እዩ። ክሳብ ሎሚ፡ ፍጹም ጸረ ህዝቢ ባህርያቱ እናተረድኡ፡ ካብኡ መሊኦም ዘይረሓቑ ዜጋታት ሓቑፉ ዕድመ ስልጣኑ፡ ከይትብተኽ ብዝተፈለለዩ ሜላታት ይሰርሕ ምህላዉ ንርእዮ ኣሎና፡፡ ተነጺሉ ዝረሓቕ ህዝቢ ድማ ኣብ ደምበ ተቓውሞ ከይጽጋዕ ብዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ገመዳት ኣሲሩ ክሕዞን ከርዕዶን ዘይፍንቅሎ እምኒ የልቦን። ልዕሊ ኩሉ ድማ ሓድነት ህዝብታትና፡ ዝተፈላለዩ ብሄራዊ፣ ኣውራጃዊ፣ ከባብያውን ሃይማኖታውን ፍልልያት እናሳወረ፡ ሕድሕድ ምትእምማን ክስእኑን ብሓባር ከይምክቱን ናይ ተቓውሞ ዓቕምታቱም ከዳኽም ክቃለስ ጸኒሑን ኣሎን። በዚ ሽርሒ'ዚ ኣቢሉ ድማ ደገፍ ሓይሊ ተቓውሞና ኣብ ምድኻም ኣሉታዊ ተራ ይጻወት ምህላዉ ኣብ ቅርዓት ዘሎ ሓቂ እዩ።

መኽተ ሓይሊ ተቓውሞና፡ ብመንጽር ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ዘካይዶም ጻዕርታት እንክምዘን፡ ምስኡ ዝዳረግ ኣይኮነን። ብሰንኪ ድሑር ውድድራት ሓይልታት ተቓውሞና፡ ነቲ ካብ ጸላኢ ተነጺሉ ቀስ ብቐስ ናብ ሓይሊ ተቓውሞ ክጽጋዕ ዝደልን ዝግበኦን ህዝቢ ሞራሉ ብምትንካፍ፡ ተስፋ ክቕርጽን ናይ ማዕዶ ተመልካቲ ክኸውንን፡ እቲ ዝኸፍአ ድማ፡ ዝኾነ ክሳብ ዝኸውን ምስ ስርዓት ኢሳይያስ ተመሳሲልካ ምጽናሕ ይሓይሽ ብምባል ክለማመጽ ዝግደደሉ ኩነታት ምህላዉ ምግንዛብ የድሊ።

ሓይሊ ተቓውሞና፡ ተወፋይነትን ንቕሓትን ህዝብታትና ደረጃ ብደረጃ ከም ዝምዕብል ብምእማን፡ ካብ ደምበ ጸላኢ ተነጺሉ ንዝመጸ፡ ኣብ ዝተሓተ ሓባራዊ ዕላማታት ኣጽሊሉ፡ ኣንጻር ጸላኢ ዓቕምታቱ ከበርክት ከተባብዕ ይግባእ። ህዝቢ ብመስርሕ ፖሎቲካዊ ፍልልያት ተቓውሞ ውድባት እናለለየ ዘዋጽኦ ፖሎቲካዊ ኣማራጺ ነጻ ኮይኑ ክውስን ዘለዎ መሰል ክሳብ ዘይተኸበረሉ፡ ተሳትፎኡ ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ እናደንፍዐ ዝኸደሉ ኩነታት ክፍጠር ከምዘይክእል ምግንዛብ የድሊ። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ሞንጎ ሓይሊ ተቓውሞ

ዘለዉ ፖሎቲካዊ ፍልልያት ብሰላማውን ዲሞክራስያውን ኣገባብ መወገኒ ዝረኽቡሉ ቅኑዕ ኣንፊት ብምኽታል፡ ህዝብታትና ኣንጻር ስርዓት ኢሳይያስ፡ ኣብ ዝተሓተ ፖሎቲካዊ ፕሮግራም ተጠርኒፎም ክቃለሱ ዝኽእሉሉ ዕድላት ክረኽቡን፡ ቀስ ብቐስ ድማ ዘዋጽኦም ፖሎቲካዊ ኣማራጺ ሒዞም ተወዲቦም ዝቃለሰሉ ምቹእ ኩነታት ክፍጠረሎም የድሊ። ስለዚ'ምበኣር ሓደ ካብቶም ቀንዲ ተልእኾታት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ በብእዋኑ ካብ ጸላኢ እናተነጸሉ ዝኸዱ ዘሎዉ ህዝብታትና ኣብ ጽላል ደምበ ተቓውሞ ተጠርኒፎም ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኦም ክብ ዘብሉሉ ጥዑይ ሃዋሁው ዝፈጥር ናይ ኣረኣእያ ለውጢ ምምዝጋብ እዩ።

ህዝብታትና ካብ ተግባራዊ ተሞኩሮኦም ስርዓተ-ኣገዛዝኣ ፋሽስታዊ መንግስቲ ኢሳይያስ ፈጺሙ ከምዘየዋጽኦም ተገንዚቦም ዓኽ እንቱፍ ኢሎሞ'ዮም ምባል ምግናን ኣይኮነን። ስለዝኾነ'ውን መተካእታ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኸውን ሓያል ናይ ቃልስን ለውጥን መሳርሒ ይደልዩ ኣሎዉ። ህዝብታትና መተካእታ ስርዓት ኢሳይያስ ዝኸውን ሓይሊ እንክደልዩ፡ ብቐዳምነት እምነት ዘንበሩሉ ክኸውን ከምዝግባእ ምግንዛብ የድሊ። እምነቶም ድማ፡ እቲ ሓይሊ ኣብ ዝሓዘም ዕላማታት፣ ኣቃውማኡን ዝኽተሎ ኣገባብ ቃልስን ከም ዝምስረት ዘጠራጥር ኣይኮነን። ህዝብታትና እምነት ዘየንበሩሉ ሓይሊ፡ ናይ ቃልሲ መሳርሒኦም ገይሮም ከም ዘይቅበሉዎን ደገፎም ከም ዝነፍጉዎን ፍሉጥ እዩ። ብርግጽ ድማ ክሳብ ሎሚ ናይ ህዝብታትና ቀልቢ ዝሰሓበን እምነት ዝተነበረሉ ውድብ ወይ ድማ ግንባር ኣሎ ምባል ኣይከኣልን።

ካብ ቅድሚ 10 ዓመት ጀሚሩ ንብርክት ዝበላ ተቓወምቲ ውድባት ሓቐፉ ዝሓዘ ሃገራዊ ምሕዝነት ይኹን፡ ናይ ሎሚ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብዝሓ ህዝብታትና ብማዕዶ ዝጥምቱዎ'ምበር እምነት ኣንቢሮሙሉ ኩሉ እንትናኦም ከበርክቱሉ ቅሩባት ዘይምህላዎም ንማንም ዝተሰወረ ኣይኮነን። ናይ ትማሊ ምሕዝነት ይኹን ናይ ሎሚ ኤዲኪ፡ ኣብ ዕላማታቱ፡ ኣሰራርሓኡ ዝኽተሎ ኣገባብ ቃልስን ሓቐፉዎም ዘለዉ ሓይልታትን ብእኩብ ይኹን በብውልቀ፡ ሰፊሕ ናይ ህዝቢ ደገፍ ከምዘይረኽቡ ንማንም ብሩህ እዩ። ንምንታይ ዝብል ቅርብ ብምባል ውሽጣዊ ድኽመታቱ ምልላይን፡ ናይ ህዝብታትና እምነት ዝስሕብ ተባዕ ፍታሕ ምቕማጥ የድሊ። እዚ ኣብ ቅድሚና ዘሎ መደብ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ እምበኣር፡ ሓይልታት ተቓውሞ ካብ ዝሰፍሐ ህዝብታት ኤርትራ ስኢኖምዎ ዝጸንሑ ደገፍ መበገሲታቱ ብትብዓት ፈቲሾም፡ ዕግበታት ተቓዋማይ ህዝብታትና ዝስሕብ ፍታሕ ዘቐምጥሉ መድረኽ ክኸውን ይግባእ።

ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ምስልሳል ጠቐምቲ ርእይቶታት፡ ናይ ውድባት፣ ጉጅለታት፣ ማሕበራትን ኣገደስቲ ሃገራውያን ውልቀሰባትን ንምእካብ፡ ከም መደብ ዝተታሓዘ ዎርክ ሾፕ፡ እኹልን ጽፉፍን ቅድመ ምድላው ዝተኻየደሉ ብዘይምንባሩ፡ ክሳተፍ ዝግበኦ ዓቕምታት ተቓውሞ ክርከብ ኣይከኣለን። ብተወሳኺ ብሰንኪ ድሑር ሒሳባት መራሕቲ ኤ.ዲ.ኪ.፡ ተገሊሉ ዝተረፈ ምንባሩን'ውን ካብ ኩሉ ዝተሰወረ ኣይኮነን። ድሕሪ ዓመት ክካየድ ከም መደብ ተታሒዙ ዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ድማ፡ ሓላፍነቱ ንኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ዝተወሃበ ኩሉ ዝሰምየ እዩ። ኣብ ላዕሊ ከም ዝተጠቐሰ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ብቐጽሮም ብርክት ዝበሉ ውድባት ተቓውሞ ዝሓቖፈ ምኹኑ ዘየካትዕ እኳ እንተኾነ፡ ጽልዋን ተሰማዕነትን ኣባላት ውድባት፡ ብዓይኒ ህዝብታት ኤርትራ እንክምዘን ግን፡ ክብደት ዘለዎም ከምዘይኮኑ ምርዳእ የድሊ። ኤዲኪ ተሽኪሙዎ ዘሎ ጸር ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ብምኹኑ፡ ሕቶ ሰፊሕ ኣሳታፍነት ክስገር ዘይግበኦ ጉዳይ ምኹኑ ስዉር ኣይኮነን። እንተኾነ ግን፡ መሪሕነት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኣብ ውሽጡ፡ ካብ ጉጅላዊ፣ ጸቢብን ኣግላልን ኣተሓሳስባታት መሊኦም ዘይተገላገሉ ወገናት ሓቐፉ ብምህላዉ፡ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ዝጠልቦ ሰፊሕ ተሳታፍነት፡ ግልጽነትን ተሓታትነትን ብብቕዓት ክምልስዎ ድዮም ዝብል ስግኣት ምፍጣሩ ኣይተረፈን። ስለዝኾነ'ውን ኣብ ቅድሚ ህዝብታትና ዘለዎም ሚዛንን ዘሎ ስክፍታን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ተዋሂቡዎም ዘሎ ሓላፍነት፡ ኣብ ምፍጻም፡ ዓቕምን ብቕዓትን ናይ ዘለዎም ወገናት ደገፍን ተሳትፎን ክዕድሙ፡ ንዓወታት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ዋዕላ ዝጠቐሙ፡ ነጻ ሓሳባትን ርእይቶታት ዝቐበሉሉ ሰፋሕትን ነጻን መድረኻት ክኸፍቱ ይህልዎም በሃልቲ ኢና።

ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ፡ ብቐንዱ ናይ ተቓዋሚ ህዝብታትና ውራይ እዩ። ዕላምኡ ድማ ንጹር እዩ። ዝተበተነ ዓቕምታት ተቓውሞ ህዝብታትና፣ ፖሎቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን...ወዘተ ኣብ ትሕቲ ንኡስ መደብ ዕዮ ብምውህሃድ፡ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳይያስ ምውጋድን ንሰላማዊ ዲሞክራስያውን ውድድር ጥጡሕ ፖሎቲካዊ ኩነታት ንምፍጣር ዝዓለመ እዩ። ነዚ ከቢድ ሓላፍነትዚ ኣብ ምድላው ዝዋፈር ሓይሊ ድማ፡ ግልጽነት፣ ተሓታትነት፣ ተኣማንነትን ዝለዓለ ተወፋይነትን ዘለዎ ኣካል ክኸውን ይግባእ። ዕዉት ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ንምስልሳል፡ ጽፉፍ ኩሉ መዳያዊ ቅድመ ምድላው ምግባር እዋናዊ ዕማም እዩ።

ዋቅ ዝዘንግሉ ሓለፋ ደቂ
ኣርትሪ ንምስራሕ ንፈልጥ!!!